# ውዕል መሰላት ቆልዑ ሕቡራት ሃገራት

ውዕል መሰላት ቆልዑ ሕቡራት ሃገራት ወይ - ከምቲ ብኻልእ ስም ዚጽውዖ - ውዕል ቆልዑ፡ ኣብ 1989 ከምዝርዕም ተገይሩ። እዚ ውዕል መሰላት ቆልዑ፡ ነፍስወከፍ ቆልዓ ከህልዎ ዝግባእ መሰላት የጠቓልል፣ ነቶም ኣብዛ ሃገር ዝቐመጡ ዘለዉ ወይ ንምብጻሕ ዝመጹ ዕድሚኦም ክሳዕ 18 ዓመት ዝገበሩ ቆልዑ ዚምልከት እዩ። ኣብ ውዕል መሰላት ቆልዑ፡ ቆልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን፡ ከም ቆልዑ ተጠቒሶም ኣለዉ።

ስዊድን፡ ኣብ ውዕል መሰላት ቆልዑ ንዘሎ ሓሳባት ናብ ክውንነት ንኸተሰጋግሮ ዝከኣላ ክትገብር ኣለዋ። ንኣብነት፡ ሕግታትን መምርሒታትን ስዊድን፡ ኣብ ውዕል ምስ ዘሎ መሰላት ከምዚሰማማዕ ኽትገብር ኣለዋ። ስዊድን፡ መሰላት ቆልዑ ከምዘይተረስዐ ኸተረጋግጽ ኣለዋ፣ ብመላእ ሕብረተሰብ ድማ ክብሪ ክውሃቦ ይግባእ። መንግስቲ ድማ ቆልዑን ዓበይትን፡ ቆልዑ ንዘለዎም መሰላት ከምዝርድኡ ኽገብር ኣለዎ።

መሰላት፡ ዓንቀጻት ተባሂሉ ኣብ ዝጽዋዕ ኣብ እተፈላለየ ሕጥቦ-ጽሑፋት ተዘርዚሩ ኣሎ። ኣብ ውዕል መሰላት ቆልዑ 54 ዓንቀጻት ኣለዉ፣ እቶም 41 ካብኣቶም ድማ ብዛዕባ መሰላት ይዛረቡ። እቲ ዝተረፈ ዓንቀጻት፡ ሃገራት ኣብ ውዕል መሰላት ቆልዑ ኽገብራኦ ብዛዕባ ዘለወን ይዛረብ።

ዓንቀጻት 2፡ 3፡ 6ን 12ን፡ እቲ ቀንዲ መትከላት ውዕል መሰላት ቆልዑ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ንኻልእ ዓንቀጻት ኣብ ምርዳእ ድማ ይሕግዘኩም። ኣብ ውዕል መሰላት ቆልዑ ዘሎ ኩሉ ዓንቀጻት ድማ ብሓደ ዚኸይድ እዩ።

ኣብዚ መንሹር ንዘሎ ዓንቀጻት ድማ ዳግማይ ጽሒፍናዮን ቀሩብ ከምዝሓጽር ገይርናዮን ኣሎና፣ እቲ ጽሑፍ ድማ ብቐሊሉ ከምዝንበብ ይኸውን። እዚ ዓንቀጻት እንታይ ከምዝብል ንኽትፈልጡ ኽትክእሉ፡ ናብ 10 ዓውድታት መቓቒልናዮ ኣሎና።








## ጽልዋ

12. ንዓኹም ኣብ ዝጸሉ ኩሉ ጉዳያት ርእይቶኹም ንኽትህቡ መሰል ኣለኩም። ዓበይቲ ድማ ንዓኹም ክሰምዕኹም ንርእይቶታትኩም ኣብ ግምት ከእትዉን ኣለዎም። በዓል-ስልጣን መንግስቲ ወይ ቤት ፍርዲ፡ ንዓኹም ኣብ ዝጸሉ ጉዳይ ትእዛዝ ወይ ውሳኔ ኣብ ዝህበሉ እዋን፡ ንእትብልዎ ኽትሰምዑ ኽትክእሉ ኣለኩም።

13. ሓሳብካ ናይ ምግላጽ ናጽነት ኣለኩም። እዚ ድማ ሓበሬታን ርእይቶን ንኽትሓቱ፡ ኽትቅበሉን ንኻልእ ንኽትህቡን መሰል ኣለኩም ማለት እዩ።

14. ከምዝደለኽሙዎ ኽትሓስቡን ዝደለኽሙዎ ንኽትውስኑን መሰል ኣለኩም። ንእትደልይዎ እምነት ንኽትክተሉን እትደልይዎ ዝኾነ ሃይማኖት ንኽትስዕቡን መሰል ኣለኩም። ወለድኹም፡ ሓባሪ መምርሒታት ክህብኹም ይኽእሉ እኳ እንተኾነ፡ ንስኹም ንእትሓስብዎ ግን ብፍጹም ክውስንልኩም ኣይክእሉን እዮም።

15. ኣባል ኮማዊ ውድብ ንኽትኮኑ ወይ ካብ ኮማዊ ውድባት ድማ ንኽትወጹ ንኽትውስኑ መሰል ኣለኩም። ሰላማዊ ክሳዕ ዝኾነ ድማ ኣብ ዝኾነ ኣኼባታት ክትሳተፉ ትኽእሉ ኢኹም።



## መንነት

7. ስም ክህልወኩምን ናይ ዝኾነ ሃገር ዜግነት ክህልወኩምን መሰል ኣለኩም። እንተተኻኢሉ ድማ ወለድኹም በዓል ም኿ኖም ንኽትፈልጡን ኣብ ትሕቲኦም ንኽትእለዩን መሰል ኣለኩም።

8. መንነት ንኽህልወኩም መሰል ኣለኩም። መንነትኩም፡ ኣብ ሃገርኩም ንዘለኩም ዜግነት፡ ስምኩምን ምስ ስድራኹም ንዘሎ ርክባትን ዜጠቓልል እዩ። መንነትኩም እተሓደገኩም እንተኼንኩም፡ ንዕኡ ንምምላስ ሓገዝ ንኽትቕበሉ ኽትሓቱ ኣለኩም።

## ስድራቤት

5. ወለድኹም፡ ናትኩም ሓላፍነት ኣለዎም። ነቲ ውዕል መሰላት ቆልዑ ዝሃበኩም መሰል ንኽትረኽቡ ገለ ነገር ኣብ እትገብርሉ እዋን ምኽርን ሓባሪ መምርሕን ክህብኹም ይግባእ።

9. ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉን ንዓኹም ድማ ዝበለጸ ረብሓ እንተልይዎም እንተዘይኮይኑ ካብ ወለድኹም ዝፈልየኩም ኣካል ክህሉ የብሉን። ንኣብነት፣ ወለድኹም ጽቡቕ ኣተሓሕዛ ምስዘይገብርልኩም፡ ከምኡ ኺግበር ኣድላዪ ይኸውን። ንዓኹም ጕዳኢ ምስዘይከውን ግን ምስ ክልቲኦም ወለድኹም ንኽትራኸቡ መሰል ኣለኩም።

10. ንስኹምን ወለድኹምን ድሕሪ ምፍልላይ ዳግማይ ክትጽንበሩ እንተደሊኹም፡ ሓገዝ ንኽትረኽቡ ክትሓቱን ብዝተኻእለ መጠን ድማ ካብታ እትቕመጡላ ዘለኹም ሃገር ሓገዝ ኽትቕበሉን ይግባእ። ወለድኹም፡ ኣብ እተፈላለያ ሃገራት ይቕመጡ እንተልዮም፡ ንስኹም ድማ ኽትረኽብዎም እንተደሊኹም፡ ካብታ እትቕመጡላ ዘለኹም ሃገር ሓገዝ ክትረኽቡ ይግባእ።

18. ወለድኹም፡ ንዓኹም ኣብ ምእላይን ምዕባይን ሓበራዊ ሓላፍነት ኣለዎም። ንዓኹም ብዝበለጸ ንዝረብሕ ነገር ኩሉ ግዜ ኣብ ግምት ከእትዉ ኣለዎም። ወለድኹም፡ ደገፍ ዘድልዮም እንተኾይኖም፡ ሕብረተሰብ፡ ንኣብነት፡ ክንክን ጥዕና ወይ ኣገልግሎት መውዓሊ ህጻናት ንኽረኽቡ ደገፍ ኽህቦም ኣለዎ።

20. ምስ ስድራኹም ኽትቕመጡ ዘይትኽእሉ እንተኼንኩም፡ ፍሉይ ክንክንን ሓገዝን ኽትረኽቡ መሰል ኣለኩም። ንዓኹም ዝጥዕም ኣተሓሕዛ ንኽትተሓዙ መሰል ኣለኩም።

21. እተን ምርዓም ቆልዓ ዘፍቅዳ ሃገራት፡ እቲ ምርዓም ቆልዓ ብትኽክል ይትግበር ከምዘሎን እቶም ዝርዓሙ ቆልዑ ድማ ንዕኦም ምሹው ከምዝኾነን ከረጋግጻ ኣለወን።



## ሓበሬታ

17. ኣብ ሃገርኩም ከምኡውን ኣብ ዓለም እንታይ ይኸውን ከምዘሎ፡ ብእትርድእዎ ንኣብነት ብመገዲ ጋዜጣታትን ተለቪዥንን ኽትፈልጡ መሰል ኣለኩም። እቲ እትረኽብዎ ሓበሬታ፡ ንኽትዓብዩን ጥዕና ዚመልኦ ህይወት ንኽትነብሩን ክሕግዘኩም ይግባእ።

## ማዕረ ክብሪ

2. ውዕል መሰላት ቆልዑ፡ ንዓኹምን ንኻልኦት ኩሎም ቆልዑን ሓደ ዓይነት መሰላትን ማዕረ ክብርን ይህብ። ዝኾነ ሰብ ድማ ኣንጻርኩም ኣድልዎ ኣይገብርን እዩ። እዚ ድማ ዝኾነ ሰብ ንኻልእ ሰብ ካብ ዝህቦ ኣተሓሕዛ ዚኸፍእ ኣተሓሕዛ ኽገብረልኩም ኣይክእልን'ዩ ማለት እዩ። በቲ ወለድኹም ዝኾንዎ ወይ ዝገብርዎ ነገር ድማ ኣድልዎ ክግበረልኩም ወይ መቕጻዕቲ ክበጽሓኩም የብሉን።

23. ዋላ'ውን ስንክልና ይሃልውኩም፡ ጽቡቕ ናብራ ንኽትነብሩ መሰል ኣለኩም። ልክዕ ከምቲ ኻልእ ሰብ ድማ ስምዒት ሓበንን ርእሰ-ምትእምማንን ክስምዓኩም ይግባእ። ኣብ ሕብረተሰብ ብንጥፈት ንኽትሳተፉ ድማ ኽትክእሉ ኣለኩም። ፍሉይ ክንክንን ተወሳኺ ደገፍን ንኽትረኽቡ ድማ መሰል ኣለኩም።

30. መበቆላዊ ውሁዳን ካብ ዝኾኑ ጉጅለ እንተኼንኩም ወይ ካብ ደቀባት እንተኼንኩም፡ ኣብ ጉጇለኹም ምስ ዘለዉ ካልኦት ሰባት ብሓባር ንእትውንንዎ ቋንቋ፡ ባህልን ሃይማኖትን ብሓባር ንኽትክተሉ መሰል ኣለኩም።

## ብሉጽ ናብራ

3. ዓበይቲ፡ ንቖልዑ ዝጸሉ ውሳኔታት ኣብ ዝውስንሉ እዋን፡ እቲ ውሳኔታት "ንዝበለጸ ረብሓ ቆልዑ" ከምዝኾነ ከረጋግጹ ኣለዎም። እዚ ድማ ዓበይቲ፡ ንዓኹም ጽቡቕ ኣብ ዝኾነ ነገርን ውሳኔኦም ንዓኹም ብኸመይ ከምዝጸልዉን ኩሉ ግዜ ኣብ ግምት ከእትዉ ኣለዎም ማለት እዩ። እቲ ዘድልየኩም ጸግዕን ክንክንን ኽትረኽቡ ይግባእ። ዓበይቲ፡ እቲ ውሳኔኦም ንብዙሓት ቆልዑ ዝጸሉ እንተኾይኑ፡ ብዛዕባ "ዝበለጸ ረብሓ ቆልዑ" ክሓስቡ ድማ ብማዕረ ኣገዳሲ እዩ።

6. ንኽትነብሩን ንኽትዓብዩን መሰል ኣለኩም። ሃገርኩም ድማ እዚ ነገር'ዚ ከተተግብር መታን ኽትክእል፡ እትኽእሎ ኩሉ ነገር ኽትገብር ኣለዋ።

22. ስደተኛ ኴንኩም ብገዛእ ርእስኹም ወይ ምስ ካልእ ሰብ ናብዚ ሃገር ዝመጻእኩም እንተኼንኩም፡ ጸግዕን ሓገዝን ኽትረኽቡ መሰል ኣለኩም። ምስ ስድራኹም ንኽትጽንበሩ ሓገዝ ኽትቕበሉ ድማ ኣለኩም።

24. ብዝተኻእለ መጠን ጥዕና ንኽትረኽቡ መሰልኩም እዩ። ኣብ ዝሓመምኩሙሉ እዋን ድማ ጥዕና ንኽትረኽቡ፡ ክንክን ጥዕና ኽትረኽቡን ምውስዋስ ኣካላት ኽትገብሩን መሰል ኣለኩም። ንዓኹም ጕዳኢ ኪኸውን ካብ ዝኽእል ባህላዊ ልምድታት ድማ ክትሕለዉ መሰል ኣለኩም።

25. ክንክን ወይ ሓለዋ ኣብ ዝግበረልኩም እዋን፡ እቲ ኣባኹም ዝግበር ነገር ቅኑዕ እንተኾይኑ ንምርግጋጽ፡ ነቲ ዝግበረልኩም ኣተሓሕዛ መርመራ ንኽግበረሉ መሰል ኣለኩም።

26. ማሕበራዊ ውሕስነት ንኽትረኽቡ መሰል ኣለኩም። ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ድማ ሕብረተሰብ፡ መንበሪ ገዛ፡ ምግብን ክዳውንትን ንኽትረኽቡ ክሕግዝ ኣለዎ።

27. ኣካላዊ፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ፡ መንፈሳዊ፡ ሞራላውን ማሕበራውን ዕብየት ንኸተምጽኡ ዕድል ዝህበኩም ዓይነት ናብራ ንኽትነብሩ መሰል ኣለኩም። ወለድኹም፡ ነዚ ንኽትረኽቡ ቀንዲ ሓላፍነት ይወስዱ፣ ሓገዝ ኣብ ዘድለይውሉ እዋን ድማ ነቲ ክረኽቡ ይግባእ።

39. ዝኾነ ዓይነት ዕሽሽታ፡ ምዝመዛ ወይ ካልእ ዓመጽ ምስዝረኽበኩም፡ ናብ ንቡር ህይወትኩም ንምምላስ ሓገዝ ናይ ምቕባል መሰል ኣለኩም። እዚ ድማ ስቓይ ወይ ዝኾነ ካልእ ዓይነት ጭካነ፡ ዘይሰብኣዊ ወይ ውርደት ዘለዎ ኣተሓሕዛ ወይ መቕጻዕቲ እትረኽቡ እንተኼንኩም ወይ ኣብ ውግእ እተሳተፍኩም እንተኼንኩም ዚምልከት እዩ።

## ትምህርቲ

28. ትምህርቲ ንኽትረኽቡ መሰል ኣለኩም። ሰዋስው ኣብ እተምሃርሉ ቤት ትምህርቲ ንኽትምሃሩ መሰል ኣለኩም፣ እቲ ትምህርቲ ድማ ብናጻ ኪኸውን ይግባእ።

29. ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ብኹሉ መዳያት ንኽትዓብዩን ኣብ ናጻ ሃገር ሓላፍነት ዘለዎ ዓቢ ሰብ ንእትኾንሉ ህይወት ድማ እተዳለኹም ንኽትኮኑን ከኽእለኩም ይግባእ። ንሰብኣዊ ናጽነታትን መሰላትን፣ ንወለድኹምን ባህልኹምን ከምኡውን ንባህሊ ካልኦት ሰባትን ተፈጥሮን ንኸተኽብሩ ድማ ኽትምሃሩ ይግባእ።




## ጸወታ፡ ናጻ ግዜ፡ ባህልን ዕረፍትን

31. ናጻ ግዜን ዕረፍትን ክህልወኩም መሰል ኣለኩም። ኣብ ባህላውን ስነ-ጥበባውን ንጥፈታት ኽትሳተፉ ድማ መሰል ኣለኩም።

## ሓለዋ

11. ብዘይ ፍቓድ ናይ ክልቲኦም ወለድኹም ናብ ካልእ ሃገር ክትውሰዱ ኣይከኣልን እዩ።

16. ኣብ ውልቃዊ ህይወትኩም ካብ ዘጋጥም ዘይሕጋዊ ጣልቃ ክትሕለዉ መሰል ኣለዎም። እዚ ድማ ኣብ ገዛ ወይ ኣብ እትቕመጥሉ ወይ ንግዚኡ እትጸንሑሉ ቦታታት ዚምልከት እዩ። ንኣብነት፡ ዝኾነ ሰብ፡ ብዘይ ፍቓድኩም ንደብዳቤታትኩም ወይ መዘከርኩም ከንብብ ኣይክእልን እዩ። እዚ ድማ ነቲ ብዛዕባኹም ዚምልከት እተታሕዘ ሓበሬታ ንዚምልከት ኩሉ ካልእ ኩነታት ዜካትት እዩ። ዝኾነ ሰብ፡ ንዘለኩም ክብሪ ወይ ዝና ከበላሹ ኣይክእልን እዩ። እቲ ሕጊ ድማ ካብዚ ኩሉ ዓይነት ጥሕሰት ጽኑዕ ሓለዋ ኽገብረልኩም ኣለዎ።

19. ካብ ኩሉ ዓይነታት ኣካላዊ ወይ ስነ-ኣእምሮኣዊ ዓመጽ፡ ዕሽሽታ፡ ክፉእ ኣተሓሕዛ፡ መጥቃዕቲ ወይ ካልእ ምዝመዛ ሓለዋ ኽግበረልኩም መሰል ኣለኩም።

32. ንዓኹም ኪጕድእ ካብ ዝኽእል፡ ናብ ቤት ትምህርቲ ንኽትከዱ ካብ ዝኽልክለኩም ወይ ብዝኾነ መገዲ ጽቡቕ ንኽይትዓብዩ ካብ ዝገብረኩም ስራሕ ካብ ምስራሕ ሓለዋ ኽግበረልኩም ይግባእ። ብፋይናንሳዊ መዳይ ድማ ምዝመዛ ክበጽሓኩም የብሉን፣ ንኣብነት፣ ሓደ ሰብ ስራሕ ኣስሪሒኩም ምስዘይኸፍለኩም ማለት እዩ።

33. እተን ዝምልከተን ሃገራት፡ ኣብ ዕጸ-ፋርሳትን ካልእ ዓይነት ድራጋትን ንኽሕልዋኹም ሓላፍነተን እዩ። እዘን ሃገራት፡ ኣብ ምምስራሕ ወይ መሸጣ ዕጸ-ፋርስ ከምእትነጥፉ ብምግባር ምዝመዛ ይበጽሓኩም ከምዘየለ ከረጋግጻ ኣለወን።

34. ካብ ኩሉ ዓይነታት ጾታዊ ምዝመዛን ጾታዊ መጥቃዕትን ሓለዋ ንኽግበረልኩም መሰል ኣለኩም። ንኣብነት፣ ኣብ ምንዝርናን ጽዩፍ ጾታዊ ርክባትን ብምስታፍ ምዝመዛ ንኸይግበረልኩም ሓለዋ ኽግበረልኩም ኣለዎ።

35. ክትጭወዩ ወይ ክትሸየጡ የብልኩምን። ሃገርኩም ድማ እዚ ነገር'ዚ ንኸየጋጥመኩም ክትሰርሕ ኣለዋ።

36. ንዓኹም ኺጕድእ ካብ ዝኽእል ኩሉ ዓይነታት ምዝመዛ ሓለዋ ንኽግበረልኩም መሰል ኣለኩም።

37. ስቓይ ወይ ካልእ ዓይነታት ጭካነ ዚመልኦ ኣተሓሕዛ ኽግበረልኩም የብሉን። ናይ ሞት መቕጻዕቲ ወይ ናይ ምሉእ ዕድመ ማእሰርቲ ክትፍረዱ ድማ የብልኩምን። ኣብ እተኣሰርክሙሉ፡ እተቖየድክሙሉ ወይ ብዘይ ፍቓድኩም ኣብ እተታሕዝክሙሉ እዋን፡ ከምኡ ምግባር ናይ መወዳእታ ምርጫ ኮይኑ፡ ብዝተኻእለ መጠን ግን ንሓጺር ግዜ ኪኸውን ኣለዎ። ኣብ ኩሉ እዋን ግን ብኽብረት ክትትሓዙ ኣለኩም፣ ዓበይቲ ኣብ ዘለውዎ ቤት ማእሰርቲ ንኸይትእሰሩ ድማ መሰል ኣለኩም። ኣብ እተኣሰርክሙሉ እዋን፡ ምስ ስድራኹም ርክብ ንኽህልወኩምን ጉዳይኩም ድማ ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ንኽርኤን መሰል ኣለኩም። ብዘይ ፍቓድኩም ኣብ እተተሓዝክሙሉ እዋን ድማ እቲ ኣብ ውዕል መሰላት ቆልዑ ዘሎ መሰላትኩም ክህሉ ኣለዎ።

38. ዕድሜኹም ትሕቲ 15 ዓመት እንተኾይኑ፡ ኣብ ውግእ ንኸይትኣትዉ ሓለዋ ኽግበረልኩም ኣለዎ። ብውግእ እተጸለኹም እንተኼንኩም ድማ እቲ ዘድልየኩም ሓለዋን ክንክንን ኽትረኽቡ ይግባእ።

40. ገበን ፈጺምኩም ብምባል ጥርጠራ ኣብ እተገብረልኩም እዋን ወይ ገበነኛታት ከምዝኾንኩም ኣብ እተረጋገጸሉ እዋን፡ ብኣኽብሮትን ክብርን ክትትሓዙ ኣለኩም። እቶም ኣብ ግዜ ሕጋዊ መስርሕ እትረኽብዎም ሰበ-ስልጣናትን ትካላትን፡ ንቖልዑ ዝሰማምዑ ክኾኑ ኣለዎም። ካብ ጠበቓኹም ሓገዝ ኽትረኽቡ መሰል ኣለኩም። ጉዳይኩም፡ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ክርኤ ኣለዎ። ዝኾነ ሰብ፡ ብዛዕባ እትፈልጥዎ ነገር ንኽትሕብሩ ወይ ብዛዕባ ዘይገብረክሙዎ ነገር ንኽትኣምኑ ጸቕጢ ኽገብረልኩም የብሉን።

## ብዛዕባ ውዕል መሰላት ቆልዑ ሕቡራት ሃገራት

1. ውዕል መሰላት ቆልዑ፡ ነቶም ዕድሚኦም ትሕቲ 18 ዓመት ንዝኾኑ ሰባት ዚምልከት እዩ። ኣብ ውዕል መሰላት ቆልዑ፡ ኩሎም ዓበይትን ንኣሽቱ መንእሰያትን፡ "ቆልዑ" ኢሉ ይጠቕሶም።

4. ኩለን ሃገራት፡ ኣብ ውዕል መሰላት ቆልዑ ተዘርዚሩ ንዘሎ መሰላት ንኸተግብራ ዝከኣለን ኩሉ ኽገብራ ኣለወን። እዚ ድማ ኣብ ውዕል መሰላት ቆልዑ ተዘርዚሩ ንዘሎ ክኸተላ ኩሉ ግዜ ክፍትና ኣለወን ማለት እዩ።

41. ኣብ ሃገርኩም ዘሎ ሕግታትን መምርሒታትን፡ ኣብ ውዕል መሰላት ቆልዑ ተዘርዚሩ ካብ ዘሎ ንላዕሊ ወይ ዝሓሸ መሰላት ዚህብ እንተኾይኑ፡ እቲ ሕግታትን መምርሒታትን ናይ ሃገርኩም ከምዚትግበር ይኸውን።

42. ሃገርኩም፡ ኩሎም ቆልዑን ዓበይትን ብዛዕባ'ቲ ኣብ ውዕል መሰላት ቆልዑ ተሓቢሩ ዘሎ ነገራት ኣፍልጦ ከምዝህልዎም ኽትገብር ሓላፍነታ እዩ።

ዋላ'ውን ተዲ ቤር ወይ ጭሕሚ ከንፈር ይሃልኹም፡ ዕድሜኹም ክሳዕ 18 ዓመት ዝበጽሕ ከም ቆልዓ ኢኹም እትቑጸሩ።

### ብዛዕባ ቤት ጽሕፈት ተሓላቒ ፍትሒ ቆልዑ

እቶም ኣብ ስዊድን ዘለዉ ዕድሚኦም ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾኑ ቆልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን፡ ንዕኦም ዚከታተል ተሓላቒ ፍትሒ ቆልዑ ኣለዎም። ተሓላቒ ፍትሒ ቆልዑ፡ ብመንግስቲ እተመዘዘ ኾይኑ፡ ቤት ጽሕፈት ተሓላቒ ፍትሒ ቆልዑ ተባሂሉ ንዝጽዋዕ መንግስታዊ ትካል ብሓላፍነት ይኣሊ።

ከባቢ 20 ሰባት፡ ኣብ መሰላት ቆልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን ኣብ ዘተኮረ ጉዳያት ኣመልኪቶም ኣብ ቤት ጽሕፈት ተሓላቒ ፍትሒ ቆልዑ ብምኽን ይሰርሑ። ተሓላቒ ፍትሒ ቖልዑ፡ ምስ ውዕል መሰላት ቆልዑ ሕቡራት ሃገር ንኽሰማማዕ፡ እቲ ሕግታትን መምርሒታትን ብኸመይ ለውጢ ኽግበረሉ ከምዝግባእ ርእይቶታት ይህብ።

ተሓላቒ ፍትሒ ቆልዑ፡ ምስ ቆልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን ብምርኻብ፡ ብዛዕባ እተፈላለየ ጉዳያት እንታይ ሓሳብ ከምዘለዎም ይፈልጥ እዩ። ነቲ ንሕና እንፈልጦ መዓልታዊ ህይወት ቆልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን ብዚምልከት፡ ናብቶም ኣብ ክንዲ ምምሕዳራት ከተማ፡ ኣብያተ-ምኽሪ ወረዳታትን ዝሰርሑ ሰባትን ሰበ-ስልጣናት መንግስትን ከምዝመሓላለፍ ንገብር።

ተሓላቒ ፍትሒ ቆልዑ፡
- ንመሰላት ቆልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን ከም ወኪል ኮይኑ ይሰርሕ።
- ንትግባረ ውዕል መሰላት ቆልዑ ድፍኢት ይገብር።
- ውዕል መሰላት ቆልዑ ይትግበር ከምዝሎ ይከታተል።
- ብዛዕባ ዝግበር ክትዕ ሓበሬታ ይህብን የዳልውን።
- ብዛዕባ ኩነታት መነባብሮ ቆልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን ዚምልከት ሓበሬታ ይእክብ።
- ብዛዕባ ውዕል መሰላት ቆልዑ ዚምልከት ዘሎ ፍልጠት ብኣህጉራዊ መልክዕ ምልውዋጥ ከምዝህሉ ይገብር።

ዕድሜኹም ትሕቲ 18 ዓመት እንተኾይኑ፡ ብዘሎና ንቖልዑ ዜገልግል መስመር ተሌፎን ገይርኩም ተወከሱና፡ 020-23 10 10
ሰኑይ/ዓርቢ 9 ቅ.ቐ – 3 ድ.ቐ
እዚ ጻውዒት ተሌፎን፡ ብናጻ ኮይኑ፡ ኣብ ሕሳብ ተሌፎንኩም ኣይክርኤን እዩ።

BARN OMBUDS MANNEN

ቤት ጽሕፈት ተሓላቒ ፍትሒ ቆልዑ
ኣድራሻ ጾስጣ፡ Box 22106, 104 22 Stockholm
ኣድራሻ ቤት ጽሕፈት፡ Norr Mälarstrand 6
ተሌፎን፡ 08-692 29 50
ፋክስ፡ 08-654 62 77
ኢ-መይል፡ info@barnombudsmannen.se
መርበብ-ሓበሬታ፡ www.barnombudsmannen.se